# ፈታውን ጸላእን ኣነጺርካ ከይፈለኻ ዝካየድ ቃልሲ□
# ትርፉ ጽልግልግን ድንግርግር እዩ፡
# ብካሕሳይ ይሕደጎ ሃገር ጀርመን፡

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!!
ሓደ ህዝቢ ወይ ህዝብታት ኮምኡ ውን ውልቀ ሰባት ካብ ዘጋጥሞም ሰብኣዊ በደላት ሓራ ንምውጻእ ኣብ ዘካይድዎ ናይ ቃልሲ ጅማሬ ብመጀመርታን ቅድሚ፡ ኩሉን ብንጹርን ዝተጸንዐን ናይ ፈታውን ጸላእን ናይ ገዛእን ተገዛእን ናይ በዝባዝን ተበዝባዝን፡ ናይ ጭቁንን ጨቋንን፡ ፈልዩ ምስ ዘይፈልጥን ዘየለልን፡ ዝኸፈለ መስዋእቲ ይኸፈል ኣብ ነንሕድሕዱ ምስ ኮምኡ ዉጹዓት እንተ ብፍላጥ እንተ ብዘይ ፍላጥ እንዳተራጸመ መፍቶ ገዛእቱን ጨቆንቱን ብምኻን ንዘበገሶ ቅኑዕን መተካእታ ዘይብሉን ሓርነታዊ ቃልሲ ክዳናጐን ክዳናገርን ጥራይ ዘይኮነስ ሕድሕዱ ክጣራጠርን ንጸረ ረብሕኡ ክድግፍን ንጸላኢ ዘገልግል፡ ዓቢ ማዕጾ ናይ ምፍንጫል ዝኸፍትን እዩ ዝኸውን።
ብሰንኪ ቀዳማይ ጸላኢ ዘይምልላይ ኣብ ታሪኽ ጭቁናት ተቓለስቲ ህዝብታት ዓለም ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ታሪኽ ዉጹዕ ህዝብታት ኤርትራ ክንሓልፎ ዝጸናሕናን ንሓልፎ ዘሎናን ከም ዓቢ ጸገምን ሕጽረትን ካብ ዘጋጠሙናን ጌና ዘጋጥሙና ዘለዉን ንናይ ሓባር ጸላኢ ህዝብታትናን ሃገርናን ብንቕሓትን ብሱል ኣራዳዳን ጨይሕና ክንፈሊ ብዘይ ምብቃዕና ካብ ምስ ቀዳሞት ጸላእትና ዘካየድናዮ ደማዊ ቃልሲ ኣብ ነንሕድሕድና ዝተኸፍለ መስዋእትን ዝጠፈአ ንብረትን ዝበኸነን ዝበከን ዘሎ ወርቃዊ ግዝየን ዓቢ ኣስተምሀሮ ክኾነና እዩ ዝግባእ ዝነበረ።
ሕጂ ውን እንተ ኾነ ካብ ሕሉፍ ቶሞኩሮን ጌጋን ግርህነትን ክንምሃርን ትርጉም ጸላኢ ብዝግባእ ኣነጺርና ክንፈልጦን ክንፈልን፡ ማለት ጸላእቲ ናይ ባዕዲ ይኹኑ ናይ ውሽጢ ሕብሮምን ቋንቆኦምን ባህሎምን ብዘየገድሽ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብን ሃገርን ዘውርድዎ በደልን ግፍዕን ጭቆናን ብውጽኢቱ ስለ ዘይፍለ ብፍላይ እኳ ናይ ውሽጢ ጸላኢ ንኣምስሉ ብሓው ስለ ዝፍለጥ ዝመረረን ቀልጢፉ እቲ ህዝቢ ከየለልዮ ዝገብርን ሓው ብሓው ዘጣፍእን ቋንቋን ባህልን ናይቲ ሕብረተሰብ ስለ ዝጥቀም ካብ ናይ ባዕዲ ጸላኢ ብዝረቐቐ ሜላን ቶንኮልን ናይ ስለላ መሓውራቱ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቐሊል ክዓስብን ክሰሉኽን ስለ ዝኽእል ብጣዕሚ ሓደገኛ ጸላኢ ምዃኑ ብእዉጅ ክፍለጥን ክጋለጽን እዩ ዝግባእ ዝመስለኒ።
ኮይኑ ግና ብሕማቕ ኣጋጣሚ ቀዳማይ ጸላኢ ህዝብታትናን ሃገርናን ኣብ ቅድሜና ከም ጸሓይ ቀትሪ ጎሊሑ ታሪኽናን ባህልናን እምነትናን ክድምስስ ውራየይ ኢሉ ድግዲግት ተዓጢቑ ዝተበገሰ ክነሱ ብፍላይ ድማ ኣብ መሰልን ግዝኣተ ሕግን፡ ደሞክራስን፡ ህዝባዊ ምርጫን፡ ብዙሕነት ሰልፍታትን፡ ብዙሕነት፡ ብሄራትን ብሄረ ሰባትን፡ ብዙሕነት ሃይማኖታዊ እምነታትን፡ ተሓቲቱ ክምልሽ ከሎ ኣበይ ዘልዋ ተቓወምቲ ምስ መን ክንዛተ ኣብዚ ሃገር ናይ ቋንቋ ጉጅለታት እንተ ሃልይን ብምባል ህልውና ብሄራትን ብሄረ ሰባትን ብምኽሓድ፡ ሃይማኖታዊ ናጽነት ዝደረተን ናይ ምንታይ ምርጫ፡ ንሕና ዝበለጸ ሕጊ ደሞክራሲ ዘለና ሃገር ኢና እንዳበለ በሽካዕላልን ባጫን ብእውጅ እንዳ መደረን ብዘለዎ ዓቕሚ ንደንበ ተቓውሞ ንምጽናት ሃድኑ ዘኻዕብት ዘሎ ሃላሊ ጨቋኒ ወታህደራዊ ስርዓት ምዃኑ ኣሚና ብናይ ቀዳምይ ጸላኢ ደረጃ ህዝብና ክፈልጦን ክኹንኖን ምሊኡ ሓሪኑ ክቃለሶን መታን፡ ኣብ ባይታ  ዘየሎ ናይ ዘተ ተስፋታት ከየተስፈና ጸላኢ ብዝርድኦ ቋንቋ ብዘይ ንሕስያ ሓይልኻ ጠርኒፍካ  ሓንሳእን ንሓዋሩን ካብ ጽፍሒ ሃገርና ካብ ምድምሳሱ ካልእ ኣማራጺ ዘሎ ኣይመስለንን።

ዝኸብርክንን ዝኸበርኩምን!!

ከምቲ ወለድና ዝመሰልዎ ዋላ እንተ ደለኻ ብሓንቲ ኢድ ከተጣቕዕ ስለ ዘይካኣል እምበር ነዚ ሰናይን ምዕቡልን ኣጋባብ ማለት ኣብ ክቢ ጠረቤዛ ንኻላኣዊ ፍልልያትካ ብምምይያጥን ብዘተን ብልዝብን ብምክብባርን ምትሕልላይን ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ከም ቀዳማይ ምርጫ ናይ ኩልና ክውሰድ ዝግበኦ ቅኑዕን ደሞክራስያውን ኣጋባብ ምዃኑ ግደፍዶ ንመዋእል ኣብ ቃልሲ ተወሊዱ ዝዓበየ ንትርጉም ኲናትን ክሳርኡን ብወረን ታሪኽን ዘይኮነስ፡ ብኣካል ዝፈልጦን ዝተሞኮሮንሲ ንተራ ወዲ ሃገር ሕሰምን መከራን ዘይራኣየን እንተ ኾነ ውን ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ሰፍ ዘይብል መስዋእትን ዝተረኸበት ሃገር ዳግም ናብ ሓርነታዊ  ኹናት ከተምርሕ  ከም ምርጫ ዝውሰድ ከም ዘይምዃኑ ዝስሕቶ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን።
ኮይኑ ግና ሕማቕ ዕድሎት ህዝብታትናን ሃገርናን ግርህነቱን ብጭርሐ ዓወት ንሓፋሽን፡ ሓደ ህዝብን ሓደ ልብን፡ ብምድንጋርን ምትላልን ከም ነፋሒቶ ሕብሩ እንዳለዋወጠ  ኣብ ሕብረተሰብ ብምስላኾ መሓውራት ስለልኡ ብምዝርጋሕ ህዝብን ሃገርን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቍጽጻሩ ብምእታው ናይ ዒም ዝበለ ደም ይተሓጎም መግለጺ ቃላት ዘይርከቦ ኣዋጅ ኣዊጁ ጨፍጫፍን ጨቋንን ስርዓት ብምትካል  ግደፍዶ ካብ ደምበ ተቓውሞ ዝቐረበሉ ናይ ዘተ ዕድመታትን ንድፍታትን (Prposals) ክቕበልስ ካብ  ዉሽጢ ሚንስተራቱ ናይ ጠፋእና ጌጋና ክንግምግም ንተኣከብ ዝበል ብኣኽብሮት ዝተላእከሉ መልእኽቲ ብኽድዓት ብምውንጃል ድምጾምን ድምጽማጾምን ዝሰወረ ጸረ ሰላም ህኮተኛ ሃላሊ ወታህደራዊ ጭፍራ እዩ።
እምበኣርከስ ካብዚ ጭብጢ እዚ ብምብጋስ ኢና ስርዓት ህግደፍ ብርእሰ ኲናት መራሒኡ  ኢሰያስ ኣፈርቂ ብሰላም ንምዝታይ ቅሩብ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነስ ብኣፋጣጥራ ባህርያቱ ዝዓደሎ ስግንጢርን ሕሱምን ጨካንን ስርዓት ስለ ዝኾነ ብጀካ ብሱ ዝርድኦ ቋንቋ ብረት ተዛሪብካ ምእላዩ ካልእ ምርጫ ስለ ዘተዓጽወና እምበር ብረት ስለ ዝረኸብና ደም ስለ ዝጸማኣና ኣይኮነን  ዝተመረጸ።
ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኣብ ዝመጽእ ህጽባዊ መጸዋዕታይ ክሳብ ንራኸብ ሰላም።

ህዝብና ተላዓል ጸላኢ.ኻ ኣለሊ!!!
ህዝብናን ሃገርናን ኣድሒና ክንተኽለላ ተኸሊ!!
ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና።
ጀርመን 14/12/09